# ሃይማኖት, ሃይማኖታዊ ናጽነትን ናይ ሓባር እምነትን

## ኣብ ሃገረ ሽወደን

Sveriges interreligiösa råd

sst

Nämnden för Statligt Stöd till Trossamfund

# ብዛዕባ እዚ ጽሑፍ፡

**እዚ ጽሑፍ፥ ብዛዕባ ሃይማኖታዊ ናጽነት ክፈልጥ ንዝደሊ ሰብ ዝተዳለወ እዩ። እዚ ጽሑፍ፥ ብጀካ ብዓይኒ ሽወደናዊ ሕጊ ፥ ብዛዕባ እምነትካ ወይ ክትክተሎ ዘሎካ ሃይማኖት ኣይኮነን ዝዛረብ። ሃይማኖት ኣብ ሽወደን ከመይ ይመስል ዝገልጽ፡ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ኣቕሪብና ኣሎና። ኣብ መወዳእታ ናይ እዚ ብሮሸር፥ ኣድራሻ ናይ ብዙሓት ሃይማኖታውያን ማሕበራት ኣቕሪብና ኣሎና።**


ስእሊ፡ ዩኤል ስቶክማን

# ሃይማኖታዊ ናጽነት

ኣብ ሽወደን፥ ሃይማኖታዊ ናጽነት መሰል ምኻኑ ኣብ ቅዋም ሰፊሩ ኣሎ። ሃይማኖታዊ ናጽነት ማለት፥ ኩሎም ሰባት ዕድመ ይኹን ጾታ ብዘየገድስ፥ ሃይማኖቶም ዝጠልቦ ኣካይዳ ክገብሩ ናጽነት ኣሎዎም። ንኣብነት፥ ኣብ ጸሎት፥ ምህለላ፥ ቅዳሴ፥ ሰበኻ፥ ጾም፥ ኣብ ባህልን ልምድን ሃይማኖቶም ዝተሞርኮሰ ክገብሩ ናጽነት ኣሎዎም።

ሃይማኖታዊ ናጽነት ናይ ደቀሰባት መሰል እዩ። ንዝደለኻዮ እምነት ክትኣምን ጥራይ ዘይኮነ ፥ ንኸይትኣምን እውን መሰ ልካን ዝከላኸልን እዩ። ገደብ ወይ ዶብ ክህልዎ የብሉን። እንተኾነ፥ ኣብ ሃይማኖትካ ትገብሮ ናጽነት ዓቐን ኣሎዎ። እዚ ማለት እትገብሮ ኣካይዳ ን ናይ ሽወደን ሕጊ ዝጻረር ክኸውን የብሉን። ንእትገብሮ ኣካይዳ፡ ብመንግስቲ ሽወደን ገደብ ክገብረሉ ዝኽእል፥ እንድሕር ንናይ ሓፋሽ ውሕስነትን ጥዕናን ወይ ሞራልን ዝግህስ፥ መሰልን ናጽነትን ውልቀሰባት ዝግህስ ምስ ዝኸውን እዩ።

## ሃይማኖታዊ ናጽነት ንመን ይውክል?

- ደቂ ሰባት ምስ ኩሉ ዓይነታት ሃይማኖት።
- ደቂ ሰባት ምስ ዘይሃይማኖታዊ እምነታቶም፡ ንኣብነት ኣብ ጣኦት ዘምልኹ።
- ደቀንስትዮ፥ ደቅተባዕትዮ ከምእውን ቆልዑ።
- ደቅሰባት ምስ ስንክልና ወይ ብዘይ ስንክልና።
- ደቅሰባት ምስ ዝተፈላለየ ጾታ።



## ሃይማኖታዊ ናጽነት እንታይ ይውክል?



- ናጽነት ናይ ዝደለኻዮ ሃይማኖት ክትመርጽ፥ ሃይማኖት ክትቅይር ከም እውን ዘለኻዮ ሃይማኖት ክትገድፍ።
- ናጽነት ናይ ሃይማኖታዊ ስራሕ ከተካይድ።
- ሓርነት ካብ ግዱድ ሃይማኖት።
- ናጽነት ካብ ምግዳድ፡ ናይ ዝደለኻዮ ዓይነት ሃይማኖት ከይህልወካ ዝኽልክል። (ክትክተሎ ትደሊ ሃይማኖት፡ ክትስዕብ ናጽነት ኣሎካ።)
- ናጽነት ካብ ምግዳድ ፥ ናይ ክትገድፎ ዝደለኻ ሃይማኖት። (ክትገድፎ ዝደለኻ ሃይማኖት ክትገድፎ ናጽነት ኣሎካ።)
- ምክልኻል ካብ ኣድልዎ፥ ሃይማኖታዊ እምነት ዝመበገሲኡ።
- ናጽነት ካብ እንታይ እምነት ኣሎካ ምግላጽ። (ትክተሎ እምነት ንኸይትገልጽ ናጽነት ኣሎካ።)
- ናይ ወለዲ መሰል፥ ኣብ ሃይማኖታዊ ምርጫ ትሕቲ ዕድመ ውላዶም ከምኡውን ናይ ውላዶም መሰል ኣብ ባዕሎም ክውስንሉ ዕድመ ምስበጽሑ።
- ብረት ናይ ዘይምሓዝ መሰል ኣብ ወተሃደራዊ ኣገልጉሎት።
- ወሃቢ ስራሕ፥ ንእምነት ሰራሕተኛኡ ብዝጥዕም ናይ ስራሕ ሃዋሁው ንክህሉ ምትዕጽጻፍ ከርኢ።

## ሃይማኖታዊ ናጽነት ዘይኮነ እንታይ ማለት እዩ?

- ሃይማኖታውያን ካብ ወቀሳ ናጻ እዮም።
- ዝኮነ ሰብ ብስም ሃይማኖት ዝደለዮ ክዛረብ ይኽእል እዩ።
- ካልእ ሰብ ብዛዕባ ናይ ካልኦት ሰባት እምነት ክግደስ የብሉን።
- ሃይማኖታት ንስዓብተን መሰል ኣለወን።
- ሓደ ሰብ ናይ ካልእ ሰብ ሃይማኖታዊ ኣካይዳ ክቆጻጸር መሰል ኣሎዎ።
- ወለዲ፥ ናይ ውላዶም ዕቤትን ኣተሓሳስባን ኣብ ግምት ከየእተዉ፡ ሃይማኖታዊ ኣካይዳ ውላዶም ክገድዱ መሰል ኣሎዎም።
- ሃይማኖታዊ ናጽነትካ ክትከላኸል ክትብል ናይ ካልኦት ሰባት መሰል ምግሃስ።










# ሃይማኖት ኣብ ሽወደን

**ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ፥** ሃይማኖት ዝጻወቶ ተራ ብዙሕ ፍልልይ ከምዘሎ፥ ንዓለምና ምስእንዕዘብ ክንርዳእ የኽእለና። ኣብ ገለ ሃገራት፥ ሓንቲ ሃይማኖት ጥራይ ዝዓብለለቶ። ኣብ ካልእ ሃገራት ድማ ብዙሓት ሃይማኖታት ጎኒ ንጎኒ ብሓንሳብ ተሓዋዊሰን ይርከባ። ኣብ ገለ ሃገራት፥ ሃይማኖታዊ መንነት ናይ ሓደ ሰብ ንኩሉ ይጸልዎ፣ ስራሕ፥ ማሕበራዊ ኩነታት ከምኡውን መንበሪ ቦታ። ኣብ ካልእ ድማ ተራ ሃይማኖትን ሃይማኖታዊ ማሕበራትን ኣብ ደቅሰባት ውሑድ ተራ እዩ ዘለወን።

ንብዙሕ ኣማኢት ዓመታት ሃገረ ሽወደን፥ ብዓብላልነት ሓንቲ ሃይማኖት ሉተራዊት ክርስትያን ከምኡውን ሓንቲ ሃይማኖታዊት ማሕበር ሽወደናዊት ቤተክርስትያን (Svenska kyrkan) ኣብቲ ግዜ እቲ፥ ኩሎም ኣብ ሽወደን ዝቅመጡ ዝነበሩ፥ ብሕጊ ሽወደን ኣባላት እዛ ቤተክርስትያን እዮም። ኣብ ርእሲኡ ቤተክርስትያን (Svenska kyrkan) ክፋል መንግስቲ ሽወደን እያ ኔራ። ኣብቲ ግዜ እቲ፥ ውሑዳት ጉጅለ ካብ ኣይሁድ፥ ሮመር፥ ካቶሊክ ከምኡውን ሳመር ዝተፈልየ እምነት ዝነበሮም። ግን ኣነባብርኦም ዝተፈልየ እዩ ኔሩ። ናይ እዞም ውሑዳን ምብዛሕ፥ ኣብ ዘመነ ምንቅቃሕ ዝወሓዙ ሓሳባት ከምኡውን ናይ ካብ ሽወደን ቤተክርስትያን ውጻኢ ዝኮና ቤተክርስትያናት ምንቅስቃስ (ኣብ መፋርቅ 1800) ን ሃይማኖታዊ ናጽነት ክመጽእ ዓቢ ተራ ተጻዊቶም። እቲ ልክዕ ኣብ ሽወደን ሃይማኖታዊ ናጽነት ቦታ ዝሓዘሉ ግና ኣብ መጀመርያ (1900) እዩ። ድሕሪ 1952 ብመሰረት ሕጊ ሽወደን ፥ ኣበየናይ ማሕበር ኣባል ክትከውን ትደልን ምስ ዘይትደሊ እውን ክትግደድ ኣይትኽእልን።

**ኣብ 1900ታት ክልተ** ለውጥታት ኣብ ናይ ሽወደን ሃይማኖታዊ ጉዳያት የመልክት ኔሩ። ገለ ክፋል ፥ ሕብረተሰብ ሽወደን ብብዝሒ ዓለማዊ ሕብረተሰብ እንዳኮነ ከይዱ። እዚ ማለት፥ መንግስቲ ንዝበዝሐ ስራሓት ቤተክርስትያን ዝነበረ ሓላፍነት ክ ወስደሉ ጀሚሩ። ቅድም ናይ ቤተክርስትያን ስራሓት ዝነበረ ከም ሕክምና፥ ትምህርቲ ከምኡውን ምክንኻን ሕሙማትን ምእላይ ኣረጋውያንን። ካብ ንድሓር ናይ ሽወደን ቤተክርስትያን ክፋል መንግስቲ ኣይኮነትን። ከምተን ካልኦት ማሕበራት ብሕጋታት መንግስቲ ተቀይዳ ስርሓ ትቅጽል ኣላ።

መንግስቲ ሽወደን ዝኮነ ዝውንኖ ሃይማኖት የለን። እቲ ካልኣይ ምዕባለ፥ ናብ ሽወደን ዝመጹ ጉጅለታት ናይ ብዙሓት ዝተፈላለየ ሃይማኖታዊ ባህሊ ዘሎዎም፥ ከም ካቶሊካውያን፥ ኣይሁዳውያን፥ ኦርቶዶክስ ክርስትያን፥ ሱኒ ከምኡውን ሽዓ ሙስሊም፥ ቡድሂስት ከምእውን ሂንዱ ዝኣምኑ እዮም። ሽወደን ኩሉ ዓይነታት ሃይማኖት ዘሎዋ ሕብረተሰብ ኮይና።

ምስ ኣብ ዓለምና ዘሎ ምንጽጻር ምስንገብር፥ ሽወደን ካብተን ኣብ ቅድሚት ዝርከባ፥ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ኣብ ተራ ሂወት ሰባት ብዙሕ ካብ ዘይጸልወን እያ። እዚ ብከፊል ቅኑዕ እዩ። ከምኡውን ክንርስዖ ዘይብልና፥ ኣብ ሽወደን ብዙሓት ብንጥፈት ዝዋስኣ ሃይማኖታውያን ማሕበራት ከምዘለዋ እዩ። ዝብዝሐ ካብ ህዝቢ ሽወደን፥ ልዕሊ 7 ሚልዮን ኣባል ወይ ምዝጉብ ተሳታፊ ናይዘን ሃይማኖታዊ ማሕበራት እዩ።

## ክንደይ ካብ ሚእቲ (ፐርሰንት) ኣብ ሽወደን ነዛ ምልእቲ ሓሳብ፥ እወ ኢሎም። "ኣምላኽ ኣሎ"?

**23%**






ክንደይ ካብ ሚእቲ (ፐርሰንት) ኣብ ሽወደን ነዛ ምልእቲ ሓሳብ፥ እወ ኢሎም። "ገለ ዓይነት ሓይሊ ወይ መንፈስ ኣሎ"?

**53%**



**550 000**

ሰባት ኣብ ሰሙን ኣብ ሃይማኖታዊ ኣገልግሎት (ከም ቅዳሴ፥ ስብከት) ኣብ ሽወደን ይሳተፉ።

ብዝሒ ቤተክርስትያናት ኣብ ሽወደን።



**3700**

ኣባላት ወይ ምዝጉባት ተሳተፍቲ ኣብ ንጥፈታት ሃይማኖታዊ ማሕበራት።

**ልዕሊ 7 ሚልዮን**

# ሃይማኖታውያን ማሕበራት ኣብ ሽወደን

ሎሚ ኣብ ሽወደን ብዙሓት ዓበይቲ ሃይማኖታውያን ማሕበራት ኣለዋ። ከምኡውን ኣሽሓት መተኣኻኸቢ ኣዳራሻት (ሎካላት) ኣሎ። ብኣጣቃላሊ፥ ናይ ዓለምና ሃይማኖታት ኣብ ሽወደን ተወኪለን ንረኽበን፥ ብዙሓት ትሕት ቁጽሪ ዘለወን ሃይማኖታት ኣብ ዝተፈላለይ ክፋላት ዓለም ዝርከባ ከይተረፋ ኣብዚ ኣለዋ።

**■ ሽወዳናዊት ቤተክርስትያን** እታ ዝዓበየት ሃይማኖታዊት ማሕበር እያ። ከምኡውን ብ 13 መምበረ ፓፓስና ዝቆሞት እያ። ከባቢ 6.3 ሚልዮን ኣባላት ድማ ኣሎውዋ። ሽወዳናዊት ቤተክርስትያን ኢቫንጀሊካ- ሉተራዊት ሃይማኖት እያ። ከምእውን ብ ክፋት ናይ ህዝቢ ቤተክርስትያን ብናይ ሓባራዊ ስራሕ ኣብ ሞንጎ ደሞክራስያዊ ማሕበር፣ ቀሽን፥ ድያቆናትን ፓፓስን ትካየድ። ሽወዳናዊት ቤተክርስትያን ኣዳራሻት ኣብ ምሉእ ሽወደን ይርከቡ ከምእውን ሃይማኖታዊ ኣገልጉሎት፥ ትምህርት ሃይማኖት፥ ሚስዮናዊ ስርሓትን ካልእ ናይ ሓባር ማሕበራዊ ስራሓት ትገብር።


ስእሊ ሀልገር ኤልጋርድ

**■ ናይ እቶም ነጻ ካብ ሽወደናዊት ቤተክርስትያን ዝኮኑ ማሕበራት፥** ናብ ናይ 1800ታት ታሪኽ ምልስ እንድሕር ኢልና፥ እቲ ግዜ እቲ፥ ወንጌላውያን ካብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ናብ ሽወደን ዝመጽሉ ግዜ እዩ። ባብቲስት፣ ሜቶዲስት ምንቅስቃስ ከምእውን ሓድሽ ኢቫንጀሊካን ሓሳባት ከምዝመጹ ኮኖም። ምስያም ናይዘን ካብ ሽወደናዊት ቤተክርስትያን ወጻኢ ዝኮና ማሕበራትን ኣባልነትን ብወለንታውን ዘይመንግስታውያን እየን- ካብ ሽወደናዊት ቤተክርስትያን ዝፈልየን፤ ሽወደናዊት ቤተክርስትያን ክፋል መንግስቲ ስለዝነበረት እዩ። ሎሚ ዓሰርተታት ሃገራውያን ሃይማኖታውያን ማሕበራት ክፋል ናይዘን ጉጅል ኣሎዋ፥ ኣብ ዝበዝሓ ከተማታት ናይ ኣመንት ምእከቢ ኣዳራሻት እውን ኣሎወን። ካብ 250-350 000 ሰባት ኣባላት ወይ ንጡፋት ተሳተፍቲ እዘን ማሕበራት ኣሎዉ።



**■ ኦርቶዶክስን ናይ ምብራቅ ሃገራት ቤተክርስትያናትን** ናይ ክርስትያን ሃይማኖታውያን ማሕበራት ኮይነን መቦቀለን ካብ ምብራቅን ደቡብን ኤውሮጳን ማእከላይ ምብራቅን ኣፍሪቃን እየን። እዘን ቤተክርስትያናት ኣብ ሽወደን ኣብ 1960ታትን ድሕሪኡን ዝተመስረታ እየን። ሎሚ ዕስራታት ዝኮና ዝተፈላለያ ቤተክርስትያናት ምስ ብዙሓት ኣመንተን ኣብ ሽወደን ይርከባ። ካብዘን ጉጅለታት፥ ገሊአን ናይ ባይዛንታይን ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን (ንኣብነት፥ ናይ ግሪኽ ኦርቶዶክስ)። ገሊአን ድማ ናይ ኦሬንታል ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን (ንኣብነት፥ ናይ ሶርያ ኦርቶዶክስ)። ካብ 100-150 000 ዝኮኑ ኣባላት ኣሎውወን።



**■ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን** ልዕሊ 100 000 ዝኮኑ ኣባላት ኣብ ሽወደን ኣሎውዋ። ናይ ጸሎት ኣገልጉሎት ኣብ ከባቢ 130 ከተማታት ይፍጸምን ልዕሊ 40 ናይ ጸሎት ኣዳራሻትን ኣሎዉ። ገለ ፍሉያት ጉጅለ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ነቲ ናይ ኦሬንታል ካቶሊካዊ ኣፈጻጽማ ዘካይዱን፥ ኣብ ዕስራታት ዝተመቃቀለ ዝተፈላለይ ኣገባባት ብፍላይ ኣብ ማእከላይ ምብራቅ ኣሎዉ። ኣብ ሽወደን 7 ካብ እቶም ኦሬንታል ኣገባባት ይትግበሩ። ብናይ ሮማ ጳጳስ ዝምእከሉ እኳ እን ተኮኑ፥ ናይ ባዕሎም ግዝያዊ ጳጳስን ናይ ባዕሎም ሃገራዊ ፓስቶር ወይ መራሒ ሃይማኖት ኣሎዎም።


ስእሊ ፍሬንክ ፋውንዝን

■ **ማሕበር ኣመንቲ ቡድሀ ኣብ ሽወደን** ኣብ 1993 ተመስረቱ÷ ናይ ልዕሊ 20 ዝኾና ማሕበር ኣመንቲ ቡድሃ ዝጥርንፍ ሃገራዊ ማሕበር እዩ። SBS ብዛዕባ ሃይማኖት ቡድሃ ዘሎካ ኣፍልጦን ከምእውን ዕብየትን ደገፍን ናይ ሃይማኖት ቡድሃ ኣብ ሽወድን ክህሉ ዝሰርሕ ማሕበር እዩ። SBS ክሳብ 50 000 ዝኮኑ ቡድሂስት ኣሎዉ። ካብኦም 5000 ምዝጉባት ኣባላት እዮም።



■ **ኣይሁዳዊ ማእከላይ ቤት-ምኽሪ** ኣብ 1953 ብ ኣብ ስቶክሆልም÷ ዮተቦሪ÷ ማልሞን ኖርሾፒንን ዝርከቡ ኣይሁዳውያን ተመስሪቱ። ኣይሁዳዊ ማእከላይ ቤት-ምኽሪ ኣብ ሽወደን ዝነጥፈሎም ስርሓት ብዝተካእለ መጠን ናይ ኣይሁዳዊ ሂወት ምንባር÷ ኣብ ከባብያውን ሃገራውን ደረጃታትን÷ ንኣይሁዳውያን ዘገድስ ኣርእስትን ሕቶታትን እንዳኣልዓኣልካ ብደረጃ ካብ ዝውሓዱ ክሳብ ሃገራዊ ጉዳያት ምስራሕ። ኣይሁዳዊ ማእከላይ ምኽሪ ብገምጋም 20 000 ዝኮኑ ኣብ ሽወደን ይቕመጡ ኣሎዉ። ካብኦም 6000 ዝኮኑ ኣባላት እዛ ማሕበር እዮም።


ስእሊ I99PEMA

■ **እስማዊ ሃገራዊ ማሕበር÷** ሃገራዊ ማሕበር ኮይኑ÷ ንኩለን መስጊዳትን መጸለዪ ኣድራሻትን ዝውክል እዩ። ሎሚ ልዕሊ 150 ዝኮና እስላማዊ ከባብያዊ ማሕበራት ኣብ ሽወደን ኣሎዋ። ዝህብኦ ኣገልጉሎት ከም መጸሎዩ ኣዳራሻት÷ ቅርኣን መምሃሪን መካየዲ ማሕበራዊ ንጥፈታትን እዩ። እስማዊ ሃገራዊ ማሕበር÷ ኣብ 1970ታት ዝቖመ እዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ብገምጋም 150-200 000 ዝኮኑ ንጡፋት ኣባላት ኣሎውዎ። እስማዊ ሃገራዊ ማሕበር÷ ኣብ 1970ታት ዝቖመ ካብ ክልቲኡ ሃይማኖታት ማለት ሱኒን ሽዓን ዝወከለ እዩ።



■ **ካልኦት ማሕበራት፡** ማንደይስካ ሳቢስካ ማሕበር÷ ከባቢ 6000 ማንደሪ ዝብሃሉ ካብ ዒራቅን ኢራንን ዝመጹ ኣብ ሽወደን ዝቕመጡ ዘሎዉ እዮም። እዞም ጉጅለ እዚኦም ካብ ማእከላይ ምብራቅ ወጻኢ እቶም ዝበዝሑ ማንዳሪ እዮም። ዓለዋይት ሃገራዊ ማሕበር÷ ኣብ ብዙሓት ከተማታት ናይ ሽወደን ዝቕምጡ ካብ ቱርክን ኩርዲስታንን ዝመጹ ዘቖሙዎ ማሕበር እዩ። ቤት እምነትን ማሕበርን ናይ ሂንዱ÷ ሲኽር ከምእውን ናይ ጃይን እምነት ተኸተልቲ ኣብ ብዙሓት ከተማታት ሽወደን ኣሎዉ። ብፍላይ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት። ካብዚኦም ወጻኢ ብዙሓት ካልኦት ማሕበራት ኣሎው÷ ከም ብዓል ብሃኢ÷ ምስክርነት ጆህቫ÷ ናይ ቃል እምነት÷ ያዚዲ ከምእውን ሞርሞነር።






# ምትሕግጋዝ ኣብ ሞንጎ ማሕበራት

**ሎሚ፥ ኣብ ሽወደን ፥ ኣብ ሞንጎ እዘን ማሕበራት ብዙሕ ናይ ምትሕግጋዝ ኣሎ። እቲ ቀንዲ ዕላማ፥ ድልዱልን ከምእውን ጥርነፍ ድምጺ ኣብ ክትዓትን ከምዝህልወን ጥራይ ዘይኮነስ፥ ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለያ ሃይማኖታት ናይ ምርድዳእ ሃዋሁው ምፍጣርን እዩ።**

**Sveriges interreligiösa råd (SIR)** ሽወደናዊ ቤት ምኽሪ ውሽጣዊ ሃይማኖታዊ ጉዳያት፥ ካብ ኩለን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከባ ሃይማኖታት ዝቖመ እዩ። እቲ ቀንዲ ዕላማ፥ ናይ እዚ ቤት ምኽሪ ፥ ናይ ምርድ ዳእን ናጽነትን ኣብ ሕብረተሰብ ምፍጣር እዩ። SIR ድልየታት : ኣብ ውሽጢ ሽወደን ዝርከባ ዝተፈላለያ ሃይማኖታት ዘሎና ፍልጠት ከደ ልድሎን ከዕብዮን ናብ ኩሉ ከምዝባጻሕ ክገብር እዩ ዝደሊ። ኣንጻር ሰሚትዝም፥ ጽልኢ ኣብ ሃይማኖት ምስልምና ከም እውን ተጻብኦታት ኣንጻር ሃይማኖታዊ ናጽነት ከይህሉ ይቃለስ። ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሽወደን፥ ብዙሓት ኣዳራሻትን ዞባዊ ምንቅስቃሳትን ኣሎው። ናጽነትን ተቀባልነትን ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለያ ሃይማኖታት ንኽህሉ እዮም ዝሰርሑ። ከምተወሳኺ እውን፥ ማሕበራት ኣሎዋ፥ ንብዙሓት ማሕበራት ኣብ ሓደ ዝጥርንፋ፥ ከም ኣብነት፥ ሽወደናዊ ክርስትያናዊ ቤት ምኽሪ (Sveriges kristna råd) ከምእውን ሽወደናዊ ምስልምና ቤት ምኽርን (Sveriges muslimska råd) ካልኦት ከምኡ ዝኣመሰላን።

## ናይ መንግስቲ ደገፍ ኣብ እዘን ማሕበራት።

መንግስቲ : ናይ እዘን ማሕበራት ኣስተዋጽ ኦን : ጥዑይ ሕብረተሰብ ኣብ ምህናጽ ዘለወን ተራ ኣብ ስለዝርዳእ ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዙ እዩ ዝድግፈን ዘሎ። ናይ ቁጠባዊ ሓገዝ ወይ ድጎማ እዩ ዝገብረለን። እቲ ዝው ሃበን ገንዘብ ድማ ኣብ መንፈሳዊ ትምህርቲ፥ መንፈሳዊ ሕክምና፥ ኣገልጉሎት ጸሎትን ከውዕ ለኦ ይሕግዘን።

## ኣብ ናይ ህዝቢ ትካላት መንፈሳዊ ሕክምና ይህባ።

ኣብ ህዝባዊ ትካላት፥ መንፈሳዊ ሕክምና ናይ ምሃብ ናይ ነዊሕ ዓመታት ልምዲ ኣሎ፥ ኣብ ሽወደን። ሓደ ኣብነት፥ ኣብ ኩለን ሆስፒታላት ሽወደን፥ መንፈሳዊ ሕክምና ዝህብ ክፍሊ ኣሎ። ዝኾነ ክጽለየሉ ወይ መንፈሳዊ ሓገዝ ዝደሊ ሰብ ካብ ዝተፈላለየ ሃይማኖታዊ ባህልታት ሓገዝ ክረክብ ይኽእል። ኣብ ቤት ማእሰርቲ እውን መንፈሳዊ ሓገዝ ዝህብ ክፍሊ ኣሎ።

# መግለጺ ካብ ሽወደናዊ ቤት ምኽሪ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ን ማንፌስቴሽን ኣይፋል ንጽልኢ!

ኣብ መላእ ዓለም ብስም ሃይማኖት፥ በደላት ይፍጸም እዩ። ኣብ ሽወደን ዝርከባ ናይ ሕጊ ኣካላት፥ ቤተክርስትያናት ከምእውን መሳጊድ፥ ንክብሪ ሃይማኖትካ ደው ክትብል ብምባል ዝግበር ዓመጽ፥ ማህረቲ፥ ምፍርራሕ ይኹን መጥቃዕቲ ብትሪ ይቃወማ። ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ናይ ኩሉ ሰብ መሰል እምነት፥ ልምድን ስርዓትን ክትሕሉ ወይ ክትከላኸል ቅቡል ኣይኮነን።

ከም ወከልቲ ጽላል ናይ ዝተፈላለያ ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ማሕበራትን ኣብ ሽወደን መጠን፥ ኣብ ግፍዕን ዓመጽን፤ ጽልእን ቅርሕንትን ምስ ሃይማኖታዊ መግለጺታትን ጭርሖታትን ዝግበር ነገራት፥ ኣብቲ ብመትከል ንሰርሓሉን ብስነሓሳብ ንኣምነሉን መርገጺና ንጹር እዩ። ኣብ ክንድኡ ግና፥ ንሕብረተሰብ ዘርብሕን ሃንጽን ፍትሓውን ዕብየት ዘሎዎ ሃይማኖት ኣብ ሽወደንን ዓለምን ምህናጽ እዩ ዕላማና። ኣብ ሃይማኖታትና፥ ሓደ ስነምግባር ኣሎ። ንሱ ድማ ኣብ ግሉጽነት፥ ሓልዮት፥ ፍትሒ፥ ብዛዕባ ካልኦት ምግዳስን ንናይ ሓባር ጥቅሚ ምቕላስን እዩ። ደቅሰባት ምስ ዝተፈላለየ ሃይማኖታዊ እምነቶም፥ ዝኣምንሉ ክፈላለ እውን ንቡር እዩ። እንተኾነ፥ናብ እቲ ዝበለጸ ክቃለሱ ጽቡቕ እዩ። ንሃይማኖታዊ ናጽነትን ኣንጻር ጽልእን ደው ክንብል ኢና።

ኩሎም፥ ኣመንቲ ይኹኑ ዘይኣመንቲ፥ ንደሞክራስያውያን ናይ ሕብረተሰብ ሃይማኖታትን ናይ እምነት ናጽነት ክከላኸሉ ግዴታ ኣሎውም። ኣብ ዝተፈላለያ ሃይማኖታት ዝርከቡ ኣመንቲ፥ ናይ ነፍሲወከፍ መሰል እምነትን እምነትካ ብነጻ ክትገብርን መታን ክደጋገፉ ይግባእ። ንኹሎም ፖሎቲካውያን መራሕቲ፥ ሓለፍቲ መንግስቲ፥ ስቪካውያን ማሕበራት ከምኡውን ኩሎም ንፍትሕን መሰልን ዝከላኸሉ ኣንጻር ጽልኢ ደው ክብሉ ንጽውዕ።

ኣካየድቲ ናይ ዝተፈላለያ ሃይማኖታውያን ኣብ ሽወደን፥ ኣንጻር ሃይማኖታዊ ቅርሕንትን፥ ናይ ምስልምና ጽልእን ፥ ኣንጻር ሰሚቲዝም (ኣንጻር ኣይሁዳውያን)ዝግበር ነገራት ሓቢሮም ክቃለሱ ንጽውዕ። እዚ ጽሑፍ እዚ ፥ ካብ ቤት ምኽሪ ሽወዳናዊ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ዝተወሰደ፥ ንኩሎም ሃይማኖታውያን መራሕቲ ኣብ ሓደ መረዳድኢ ነጥቢ ኮይኑ ዘገልግል እዩ። ነዚ ማንፌስቶ ደገፍና ብክታምና ንገልጽ ኣሎና። **ኣይፋል ንጽልኢ!**

**እዚ ሓበሬታ ናብ ኩሉ ክባጻሕ ንጽዓር!**

ቤት ምኽሪ ሽወዳናዊ ሃይማኖታዊ ጉዳያት 22 ታሕሳስ 2014

**ኢልቨር ጊጎቪክ**
ዋና ጸሓፊ ቤት ምኽሪ ምስልምና ሽወደን

**ሙስጠፋ ሰትኪክ**
ዋና ጸሓፊ ማሕበር ምስልምና ቦዝንያ

**ትሩዲ ፍረደሪክሶን**
ዋና ጸሓፊ ቤት ምኽሪ ምትሕግጋዝ ቡድሃ ሽወደን

**ኡርያን ዊደግረን**
ማሕበር ብሃይ ሽወደን

**ገንዛብራ ሳልዋን ኣልኻማ**
ማሕበር ማንዴይስካ ሳቤይስካ

**ማይናርድ ገርበር**
ማእከላይ ቤት ምኽሪ ኣይሁድ

**ኣንታየ ጃክለን**
ርእሰ ጳጳስ ቤተክርስትያን ሽወደን

**ኣንደርስ ኣርቦረሊዮስ**
ጳጳስ

**ሄለና ሁማስተን**
ቤት ምኽሪ ምስልምና ሽወደን

**ሓይደር ኢብራሂም**
ዋና ጸሓፊ ማሕበር ምስልምና ሽዓ

**ብሃንተ ዳማራታና**
ምክትል ዋና ጸሓፊ ቤት ምኽሪ ምትሕግጋዝ ቡድሃ ሽወደን

**ሱድሃጋር ራትፓቲይ**
ማሕበር ሂንዱ

**ጃስፓል ሲንግህ**
ማሕበር ስኺስካ

**ካሪን ዊቦርን**
ጠቕላሊ ሓላፊ ቤት ምኽሪ ክርስትያን ሽወደን

**ቤንጃሚን ዓታስ**
ርእሰ ጳጳስ, መንበረ ጵጵስና, ሶርያ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን

**ፔለ ሁርንማርክ**
ሓላፊ ፔንጠ- ነጻ ማሕበር

# ኣድራሻታት ናይ ሃገራውያን ሃይማኖታውያን ማሕበረትን ሃገራዊ ማሕበርን።

## ምስ ሓንቲ ካብዘን ማሕበራት ክትራኸብ ትደሊ ዲኻ? ዝርዝር ኣስማት ናይ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ኣብ መንፈሳዊ ንጥፈታት ዝሳተፉ ዘሎዋ።

### ■ ሉተራዊት ቤተ-ክርስትያን (Lutherska kyrkor)

**ሽወደናዊት ቤተ-ክርስትያን (Svenska kyrkan)**
018-16 96 00
info@svenskakyrkan.se
www.svenskakyrkan.se

**ኢቫንጀሊካ-ሉተራዊት ምስዮን፡ መሓዙት እምነተ መጽሓፍቅዱስ (Evangelisk-luthersk mission – Bibeltrogna vänner)**
08-559 23 104
expeditionen@elmbv.se
www.elmbv.se

**ኢቫንጀሊካ ፎስተርላንድስቲፈልሰን (መቦቆላዊት መሬት) (Evangeliska fosterlandstiftelsen)**
018-430 25 00
efs@efs.nu
www.efs.nu

### ■ ነጻ ቤተክርስትያን ማሕበር (Frikyrkliga samfund)

**ኢኩመንያ ቤተ-ክርስትያን (Equmeniakyrkan)**
08-580 031 00
info@equmeniakyrkan.se
www.equmeniakyrkan.se

**ፍሬልስኒንግስአርመን (Frälsningsarmén)**
08-562 282 00
info@fralsningsarmen.se
www.fralsningsarmen.se

**ቤንጥ ቆስጥ ምንቅስቃስ (Pingströrelsen)**
08-608 96 00
info@pingst.se
www.pingst.se

**ኢቫንጀሊካ ነጻ ቤተክርስትያን (Evangeliska frikyrkan)**
019-16 76 00
info@efk.se
www.efk.se

**7 ምዓልቲ ኣድቨንስ (Sjundedags adventistsamfundet)**
08-545 297 70
info@adventist.se
www.adventist.se

**ሽወደናዊ ማሕበር ምስዮን (Svenska alliansmissionen)**
036-30 61 50
info@alliansmissionen.se
www.alliansmissionen.se

**ቪነያርድ ስካንድናቭያን (Vineyard Norden)**
info@vineyard.se
www.vineyard.se

**ቃለ ሂወት (Trosrörelsen/Livets ord)**
www.livetsord.se
info@livetsord.se

### ■ ምስልምና ሃገራዊ ማሕበር (Islamiska riksorganisationer)

**ናይ ቦዝንያ እስላማዊ ማሕበር (Bosniakiska islamiska samfundet)**
0520-49 90 64
kontakt@izb.se
www.izb.se

**ሕቡራት እስላማዊ ማሕበራት ኣብ ሽወደን (Förenade islamiska föreningar i Sverige)**
08-509 109 24
info@fifs.se
www.fifs.se

**እስላማዊ ባህላዊ ማእከል (Islamiska kulturcenterunionen)**
08-15 98 88
info@ikus.nu
www.ikus.nu

**እስላማዊ ሽዓ ኣብ ሽወደን (Islamiska shia samfunden i Sverige)**
08-580 123 14
info@shiasamfund.se
www.shiasamfund.se

**ሽወደናዊ እስላማዊ ምትእኽኻብ (Svenska islamiska församlingarna)**
tunawi@gmail.com

**ሽወደናዊ እስላማዊ ማሕበር (Sveriges muslimska förbund)**
08-420 640 58
www.smf-islam.se
smfsverige@hotmail.com

### ■ ኦርቶዶክስ & ምብራቃዊ ሃገራት ቤተ-ክርስትያን (Ortodoxa och österländska kyrkor)

**ኣንጥዮኪስካ ኦርቶዶክስ ቤተ-ክርስትያን (Antiokiska ortodoxa kyrkan)**
pbmansour@hotmail.com
www.antiochsweden.se

**ኣርሜንያዊ ኣፖስቶሊክ ቤተ-ክርስትያን (Armeniska apostoliska kyrkan)**
info@armeniskakyrkan.org
www.armeniskakyrkan.se

**ኤርትራዊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኣብ ስካንድናቭያ (Eritreanska ortodoxa tewahedo kyrkan i Skandinavien (Koptiska patriarkatet)**
www.eotcs.se

**ኤርትራዊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኣብ ሽወደን - ልደታ ማርያም (Eritreanska ortodoxa tewahdo kyrkan i Sverige)**
lidetamariyam@outlook.com
www.kidstmariameotc.se

**ኢትዮጵያዊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን - መድሃኔ ኣለም (Etiopiska Ortodoxa Tewhado Kyrka Ärkestiftet)**
debereselammedhanealem@gmail.com
www.medhanealem.se

**ግሪኻዊ ኦርቶዶክስ ሜትሮፖሊት (Grekisk ortodoxa Metropolitdömet)**
08-612 34 81
metropolisofsweden@gmail.com

**ኮፕቲክ ኦርቶዶስ ቤተ - ክርስትያን (Koptisk-ortodoxa kyrkan)**
08-550 344 13
www.copt.se
coptse@facebook.com

**ሩስያዊ ኦርቶዶክስ ቤተ - ክርስትያን (ናይ ኮንስታትንቲኖፕል ፓትርያርክ)
(Ryska ortodoxa kyrkan Patriarkatet i Konstantinopel)**
08-15 63 16
angel.velitchkov@yahoo.se

**ሩስያዊ ኦርቶዶክስ ቤተ - ክርስትያን (ናይ ሞስኮ ፓትርያርክ)
(Ryska ortodoxa kyrkan Moskvapatriarkatet)**
rusortswed@hotmail.com
www.sweden.orthodoxy.ru

**ሰርብያዊ ኦርቶዶክስ ቤተ - ክርስትያን (Serbisk-ortodoxa kyrkan)**
www.crkva.se
dusan@svetisava.se

**ሶርያዊ ኦርቶዶክስ ቤተ - ክርስትያን (Syrisk-ortodoxa kyrkan-patriarkatets ställföreträdarskap)**
08-550 84 140
kansli@syriskortodoxakyrkan.se
www.syriskortodoxakyrkan.se

**ሶርያዊ ኦርቶዶክስ ቤተ - ክርስትያን (Syrisk-ortodoxa kyrkan)**
Syrisk ortodoxa ärkestiftet
08-550 656 44
info@soa-s.se
www.soa-s.se

**ምብራቅ ኣሲርሳውያን ኦርቶዶክስ ቤተ - ክርስትያን ኣብ ሽወደን
(Österns assyriska kyrka i Sverige)**
www.assyrianchurch-europe.org
youel_yacoub@hotmail.com

## ■ ካልኦት ማሕበራት (Övriga samfund)

**ዓለዋይት ሃገራዊ ማሕበር
(Alevitiska riksförbundet)**
www.alevi.se

**ሽወደናዊ ማሕበር ብሃኢ
(Svenska bahá'í-samfundet)**
kontakt@bahai.se
www.bahai.se

**ሂንዱ ፎራም ሽወደን (Hindu forum sweden)**
hinduforumsweden@gmail.com
www.hinduforumsweden.se

**ሂንዱ ምዕቃብ ባህላዊ ማእከል (Hindu Culture Maintain Center)**
www.swedenganeshatemple.com

**ሂንዱ ማንዲር ማሕበረሰብ (Hindu Mandir Society)**
www.mandirstockholm.se

**ኢዚድስ ሃገራዊ ማሕበር ኣብ ሽወደን (Ezidiska riksförbundet i Sverige)**
ezidiska.riksforbundet@hotmail.se

**ቤተክርስትያን የሱስ ኣብ መወዳእታ ምዓልታት ቅድስና
(Jesu Kristi Kyrka av Sista Dagars Heliga)**
08-544 709 30
www.jesukristikyrka.se

**ምስክርነት ጅሆቫ (Jehovas Vittnen)**
www.jw.org/sv

**ኣይሁዳዊ ማእከላይ ቤትምኽሪ
(Judiska centralrådet)**
08-587 858 00
www.jfst.se
info@jfst.se

**ማንደያዊ ሳብያዊ ማሕበር (Mandeiska sabeiska samfundet)**
www.mandaean.se
mss@mandaean.se

**ሲኽስካዊ ምትእኽኻብ (Sikhiska församlingen)**
www.sikh.se
unga@sikh.se

**ሮማዊ ካቶሊካዊ ቤተክርስትያን ኣብ ሽወደን (Romersk-katolska kyrkan i Sverige)**
08-462 66 00
info@katolskakyrkan.se
www.katolskakyrkan.se

**ሽወደናዊ ቡድሃዊ ማእከል ምትሕግጋዝ (Sveriges buddhistiska samarbetsråd)**
www.buddhism-sbs.se
trudy@buddhism-sbs.se

**ኣድማሳዊ ቤተክርስትያን ናይ የሱስ (Universell kyrkan av Jesus Kristus)**
ukjk@eujc.org
www.eujc.org

## ■ ሃገራዊ ምእከል ምትሕግጋዝ (Nationella Samarbetsorganisationer)

**ቤት ምኽሪ ውሽጣዊ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ሽወደን (Sveriges interreligiösa råd)**
08-586 24 080
info@interreligiosaradet.se
www.interreligiosaradet.se

**ሽወደናዊ ክርስትያናዊ ቤት ምኽሪ (Sveriges kristna råd)**
08-453 68 00
info@skr.org
www.skr.org

**ሽወደናዊ እስላማዊ ቤት ምኽሪ (Sveriges muslimska råd)**
08-559 257 99
info@sverigesmuslimskarad.org
www.sverigesmuslimskarad.org

**ተወካሊ/ኣካያዲ መንግስታዊ ደገፍ ን ማሕበራት (Nämnden för statligt stöd till trossamfund)**
08-453 68 70
info@sst.a.se
www.sst.a.se

## ■ መንፈሳዊ ሕክምና ኣብ ሆስፒታላትን ቤት - ማእሰርትን (Andlig vård på sjukhus och i fängelse)

**ቤተ - ክርስትያን ኣብ ሆስፒታል (Sjukhuskyrkan)**
www.sjukhuskyrkan.se

**እስላምዊ መንፈሳዊ ሕክምና ኣብ ሆስፒታል
(Muslimsk andlig vård på sjukhus)**
www.muslimskasjukhuskoordinatorer.se

**ቡድሃዊ መንፈሳዊ ሕክምና ኣብ ሆስፒታል
(Buddhistisk andlig vård på sjukhus)**
www.buddhism-sbs.se

**መንፈሳዊ ሕክምና ኣብ ውሽጢ ገበናዊ ትካላት ጥዕና
(Andlig vård inom kriminalvården)**
www.kriminalvarden.se

**ቤት ምኽሪ ውሽጣዊ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ሽወደን**
**(Sveriges interreligiösa råd)**
08-586 24 080
info@interreligiosaradet.se
interreligiosaradet.se

**Statens stöd till samfund**
08-453 68 70
info@sst.a.se
www.sst.a.se